

ቃል ሓዘን ፣ ወይዘሮ ወጋሕታ ዶ/ በየነ ኪዳነ፡

ካብ  ወላዲኣ ዶ/ በየነ ኪዳነ ወላዲታ ወ/ሮ ኣለም መድሃኔ ብዕለት 14-06-1977 ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊዳ፡

ናብ ስደት ብ 1984 ዓም ምስ ኣቦኣ ዶ/ በየነን  ዓባይ ሓፍታ ዳብራን ንጀርመን ኣትያ ።

ናብ ስደት ዝመጸትሉ'ኳ ከም ኩሉ ስደት ኤርትራውያን ዘይኮነ ብዝተፈለየ ምኽንያት እዩ ነይሩ ። ንሱ ድማ ናይ ንእሽቶይ ሓዋ ሕጻን መዋእል በየነ ኪዳነ  ሃንደበት ሞት  ዝተረኽበ ብህጹጽ ንኽመጹን ኣብ ቀብሪ ከርክቡን ተገይሩ ።

- ከም ዝፍለጥ ናይዞም ስድራ ዘይጽቡቕ ተረኽቦ በቲ ዝነኣሰ ውላዶም መዋእል ብ1984 ዝተረኽበ ሓደጋ ክቢድ ሓዘን !
- ካልኣይ ሓዘን ድማ እታ ዓባይ ውላዶም ዳብራ ድ/በየነ ኪዳነ ብሃንደበት ሞይታ ኣብ ገዝኣ ተረኺባ!!
- ቀጻሉ መስዋእቲ ዶ/ርበየን ኪዳነ ብ2013 ብሕማም ድሕሪ ነዊሕ ሕክመና !!
- ቀጺሉ ዕረፍቲ ወ/ሮ ኣለም መድሃኔ ኣደ ስድራ ብ2016 ብሕማም ድሕሪ ነዊሕ ሕክምና !!
- ሕጂ ድማ እታ ሓንቲ ካብታ ስድራ ተሪፋ ዝነበረት ወጋሕታ ብዕለት 10-04-2021- ናብ 11-04-2021 ዘውግሕ ብሃንደበት ዓሪፋ ።

  ኣዚዩ ዘሕዝን ዝተደራረበ ሕማቕ "ዕጫ" ከይኑ ናይዛ 5 ሰባት ዝሓዘት ስድራቤት  ናይ መወዳእታ ኮይኑ ተረኺቡ ብምህላዉ ዋላኳ ንወዲ ሰብ ዝተዓደለ [ካብ ሓመድ ትፍጠር ናብ ሓመድ ትምለስ ] ዝብል ኣበሃህላን ካብቲ  ኣቦና ኣዳምን ሂዋንን ዝተዓደሎም ዘይተርፍን ይኹን እምበር ፣ ናይዞም ስድራ ግን ሕሉፍን ኣሕዛንን ምኧኑ ንኹሉ ሰማዒ ዘደንጸወ ተረኽቦ ብምኧኑ ካብ ኣእሙሮ ስድራቤቶምን ብጾቶምን ኩሉ ፍታዊኦምን መላእ ደለይቲ ፍትሒ ዘደንጸወ ጽዋ ናይዛ ስድራ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ።

እሞ ሕጂ ምስ ዝሞተ ዝምወት ዘይኮነ ዝተረፍና ጉዳይ ከም ናትናን ግዴታና ምኧኑ ኣለሊና ነዛ ሞይታ ዘላ ጓልናን ሓፍትናን ንመቓብራ ዝኸውን በብዓቅምና ምድግጋፍ ዝበለጸን እግዚኣብሄር ዝፈትዎን ንሕልናና ዘቕስን ክንገብር ንፐለብ ከም ዘለናን ከይዘንጋዕና ሕልናዊ እጃምና ክነበርክት ይግባእ ንብል።

ንመዋቲት መንግስቲ ሰማይ የዋርሳ

ጽንዓት ንመላእ ስድራቤትን ፈተውትን ።

መሰረታት ግሃድኤ ዕለት 15/04/2021